nystateofhealth
The Official Health Plan Marketplace

ሓጺር ጭቡጥ ሓበሬታታት ብዛዕባ

# ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ንስደተኛታት

**NY State of Health** ኣብ ኦንላይን ኮይንካ መደባት ጥዕና እትረኽበሉ ናይ ዕደጋ ቦታ እዩ። ኩሉ ሰብ እንታይ ክረክብ ከምዝኽእል ንምርኣይ ናብቲ ናይ ዕደጋ ቦታ ክመጽእ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ዝተወለድካሉ ቦታ ኣበይ ምዃኑ ብዘየገድስ። **NY State of Health** ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ብዛዕባ **NY State of Health** ክትፈልጡዎም ዘለኩም 4 ኣገደስቲ ነገራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

### 1 ዝሃብኩምና ሓበሬታታት ንኻሊእ ወገን ኣሕሊፍና ኣይክንህብን።

ን **NY State of Health**ን ንኣማኸርቲኡን እትነግሩዎም ነገር ሚስጥራዊ እዩ። ኣብ መደብ ጥዕና ንምስታፍ ንኣና እትህቡና ሓበሬታታት ንዝኾነ ኻሊእ ወገን ኣሕሊፍና ኣይክንህብን። ከምኡውን እቶም ሓበሬታታት ንዝኾነ ኻሊእ ተግባር ኣይንጥቀመሎምን ኢና።

### 2 ንስኻ ወይ ኣባላት ስድራኻ ናብዚ ዓዲ ዝመጻእኻሉ መንገዲ ብዘየገድስ ሓገዝ ትረኽቡ ኢኹም

ናይ ኢሚግሬሽን ወረቐት እንተዘይሓለወኩምውን ወይ ኣባላት ስድራኹም ናብዚ ሃገር ዝመጻኣሉ መንገዲ ዝተፈለየ እንተኾነውን፡ ክትገብሩዎ ዘለኩም ንነፍሲ ወከፎም ሓደ ማመልከቲ ምምላእ ጥራሕ እዩ። ከምኡውን ደረጃ ነባሪነትኩም እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ሕጂውን ኣብ ሕጹጽ ኵነታት ናይ ሕክምና ሓገዝን (**emergency Medicaid**) ስሩዕ ናይ ጥዕና ሽፋን ንደቕኹምን (**Child Health Plus**) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### 3 ብብዙሕ ቋንቋታት ሓገዝ ትረኽቡ ኢኹም

- ኣብ ተሌፎናት ዘተኣናግዱ ሰባትና ናይ ብዙሕ ቋንቋታት ተዛረብቲ እዮም። ናትኩም ቋንቋ ዘይዛረቡ እንተኾይኖም፡ ኣስተርጓማይ ከቕርባልኩም እዮም።
- ኣብ ማሕበረሰብኩም ናትኩም ቋንቋ ዝዛረቡ ክኢላታት ኣለውና። እንተደሊኹም ድማ ናብ ዝትነብረሉ ወይ ናብ ዝትሰርሓሉ ቦታ ክመጽኡ ይኽእሉ እዮም።

### 4 ብዝትፈላለዩ መንገዲታት ሓገዝ ክትረኽቡ ኢኹም

ኣብ ኦንላይን ወይ ብተሌፎን ወይ ድማ ምስ ማሕበረሰብኩም ብኣካል ተራኺብኩም ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ዝሰልጠኑ ኣማኸርቲና መደብ ጥዕና ወይ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ኣብ ምምራጽን ኣብ ምእታውን መዳይ ሓገዝ ይገብራልኩም እዮም።

- ]ኦንላይን ኣብ **nystateofhealth.ny.gov**
- ብ ተሌፎን **1-855-355-5777, TTY: 1-800-662-1220**

ኦንላይን ኣብ
**nystateofhealth.ny.gov**

ብ ተሌፎን
**1-855-355-5777**

**TTY**
**1-800-662-1220**